# ሕጊታት ልቓሕ

Tigrinska

እዞም ዚስዕቡ ሕጊታት፡ እቶም ኣብ Bjurholm, Nordmaling, Robertsfors, Umeå, Vindeln Vännäs ኣብየተ-ንባብ ዘገልግሉ ሕጊታት እዮም።

## ናይ ቤተ-ንባብ መለቅሒ መንነት

ኣብ ኵሎም'ቶም ኣብ ዞባ ኡመዮ ዚርከቡ ኣብየተ-ንባብ ብነጻ ክትልቃሕ ይክኣል እዩ።

መታን ክትልቃሕ ክትክእል፥ ናይ መለቅሒ መንነት ክህልወካ የድሊ። ነዚ ድማ፡ ዘገልግል ናይ መንነት ወረቐት ኣርኢኻ ክተውጽኦ ትኽእል ኢኻ። መንነት ወረቐት፡ ናይ ሽወደን ቁጽሪ መንነት (ፐርሾን-ኑመር) ወይ ቀዋሚ ኣድራሻ ዘብልካ ምስ ትኸውን ውን፥ ናይ ቤተ-ንባብ መለቅሒ መንነት ክተውጽእ ትኽእል ኢኻ። ሽዑ ግን እቲ መለቅሒ መንነትካ ንሰለስተ ኣዋርሕ ጥራይ'ዩ ዘገልግል።

ነቲ ናይ ቤተ-ንባብ መለቅሒ መንነት ክተወጽእ ከሎኻ፥ ነቲ ሕጊታት ናይ ልቓሕ ውን ክተኽብር ምኳንካ ተቐቢልካዮ ኣሎኻ። እቲ ናይ መለቅሒ መንነት፡ ኣብ ኵሎም ዞባ ኡመዮ ዚርከቡ ኣብያተ-ንባብ ዘገልግል እዩ። ናብ ቤተ-ንባብ ክትበጽሓና ከሎኻ፡ እቲ መለቅሒ መንነት ሒዝካ ምጻእ።

ናይ መለቅሒ መንነት ምስ ዚህልወካ፡ ኣብቲ ናይ ጉጅለታት ክፍሊ ናይ ኮምፒዩተር ቆጸራ ክትሓዝእ፡ ነቲ ናይ ዳታ መዝገብ መጻሕፍቲ ክትጥቀመሉ፤ ከምኡ ውን "ኤ-መጻሕፍቲ" (e-böcker) ክትልቃሕ ትኽእል ኢኻ።

ቆልዑ ካብታ 6 ዓመት ዝመልኡላ ጊዜ ጀሚሮም፥ ናይ ቤተ-ንባብ መለቅሒ መንነት ክወሃቦም ይኽእል እዩ። እቲ 18 ዓመት ዘይመልአ፡ ናይ መንነት ወረቐት ምርኣይ ኣየድልዮን እዩ። ወለድኻ ሒዛካ ምምጻእ ወይ ምስክር ወረቐት ሒዝካ ምምጻእ ኣኻሊ እዩ።

## ሓላፍነት ናይ ልቓሕ

ናይ ቤተ-ንባብ መለቅሒ መንነት፥ ናይ ግልኻ ዝኾነ ክቡር ሰነድ'ዩ። እዚ ማለት ድማ፡ ንኹሉ'ቲ በታ መለቅሒት መንነት ካብ ቤት-ንባብ ዝወጽእ ንብረት፥ ሓላፍነት ኣሎካ ማለት'ዩ። ስለዚ፡ ንመጻሕፍቲን ንኹሎም ዝተለቃሕካዮም ነገራትን፥ ከይተበላሸዉ ኣብ ጊዜኦም ክትመልሶም፥ ናትካ/ኪ ሓላፍነት እዩ። ከምኡ ምስ ዘይትገብር፡ ናይ ገንዘብ ክፍሊት ክትከፍል ኢኻ።

እቲ መለቅሒ መንነትካ ምስ ዚጠፍእ፥ ኣብ ዝቐልጠፈ ጊዜ ክተዕጽዎ ይግብኣካ። እዚ ድማ፡ ናብቲ ናትካ ቤተ-ንባብ ብምድዋል ወይ ድማ ኣብቲ Minabibliotek.se ብምእታው ክትገብሮ ትኽእል። ገንዘብ ከፊልካ ሓድሽ መለቅሒ ወረቐት ክተውጽእ ትኽእል ኢኻ።

ወለዲ ናይቲ ደቆም ዚልቅሕዎ ነገራት ሓላፍነት ኣሎዎም።

እንተ ደኣ ኤ-ፖስት ገዲፍካ ኼንካ፡ እቲ ልቓሕ ዝወድቀሉ ጊዜ ክበጽሕ ክቃረብ ከሎ ክትሕበር፥ መዘኻኸሪ ጊዚኡ ናይ ዘሕለፈ ልቓሕ፥ ወይ ኣዚዝካዮ ናይ ዝጸናሕካ መጽሓፍ፡ መጺእካ ንኽትወስዶ፥ ሓበሬታ ክንህበካ ንኽእል ኢና። እቲ ሓበሬታ ምስዳድ ብSMS ውን ክንገብሮ ንኽእል ኢና።

## ናይ ዕድመ ደረታት

ፊልምታት ንምልቃሕ ወዲ 15 ዓመት፥ ናይ "ቲ-ስፔል" ክትልቃሕ ድማ ወዲ 15 ዓመት ክትከውን ይግባእ። ንገለ ካብቶም "ቲቪ-ስፔል" ግን፡ ወዲ 16 ወይ ወዲ 18 ዓመት ክትከውን ይግባእ።

## ምስጢራዊ-ኮድ (ፒን-ኮድ)

ምስታ መለቅሒ መንነት ዝተኣሳሰረ፡ ኣርባዕተ ቁጽሪ ዘለዎ ምስጢራዊ-ኮድ ክትመርጽ ኢኻ።

ኣብቲ ትልቅሓሉ ጊዜ እዚ ምስጢራዊ-ኮድ የድልየካ እዩ። ኣብቲ ናትና ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ፡ Minabibliotek.se ንምእታው ውን የድልየካ እዩ። ኣብ ገለ ካብቶም ኣብያተ-ንባብ፥ መታን ኣብ "ዋይ-ፋይ"፡ ኣብ ኮምፕዩተራት ወይ ውን ነቲ ናይ ጉጅለ ክፍሊታት ንምጥቃም፥ መለቅሒ መንነትን እቲ ምስጢራዊ-ኮድን የድልየካ እዩ።

## ልቓሕ ንምንዋሕ

ልቓሕካ ንምንዋሕ፡ ኣብቲ Minabibliotek.se ኣቲኻ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ።

ነቶም ሰብ ድሮ ኣዚዝዎም (ሓዚእዎም) ዘሎ ወይ ሓጺር ናይ ልቓሕ ጊዜ ዘሎዎም ነገራት፡ ልቓሕካ ክተናውሕ ኣይትኽእልን ኢኻ።

## ኣዚዝካ ወይ ሓዚእካ ምጽናሕ
ንሓደ ሰብ ተለቂሕዎ ዘሎ መጽሓፍ ምስ ተመልሰ ንኽትልቅሖ ወይ ኣብ ካልእ ናይዚ ዞባ ዚርከብ ቤተ-ንባብ ዚርከብ መጽሓፍ፥ ክትሓዝአ/ክትእዝዞ ትኽእል ኢኻ።

## ክፍሊታት
ኣብያተ-ንባብ ነቲ ደንጕዩ ዝተመልሰ መጻሕፍቲ ወይ ካልእ ንብረት፥ ናይ ምድንጓይ ክፍሊት የኽፍል እዩ።

እቲ ናይ ምድንጓይ ክፍሊት፡ ካብታ 18 ዓመት ዝመላእካላ ጊዜ ምኽፋል ክትጅምር ኢኻ። ነቲ ደንጕኻ እትመልሶ ነገር፥ ኣብቲ ትመለስሉ ጊዜ ነቲ ገንዘብ ክፈሎ። ሽዑ እንተ ዘይከፈልካዮ፥ እቲ ክፍሊት ገንዘብ ተመዝጊቡ ይጸንሕ።

እቲ ድምር ናይቲ ክትከፍሎ ዘሎካ ክፍሊታት 50 ክርኖር ወይ ልዕሊኡ ምስ ዚኸውን፥ ክሳብ'ቲ ነቲ ዕዳኻ ትኽፍል፤ እቲ መለቅሒኻ መንነት ከም ዚዕጾ ይኸውን። እቲ ገንዘብ ጸኒሑ ፋቱራ ተላኢኹልካ ክትከፍሎ ኢኻ። ሽዑ ግን ናይቲ መኽፈሊ-ወረቐት (ፋቱራ) ድማ ተወሳኺ ገንዘብ ክትከፍል ኢኻ።

እቲ ዝተለቃሕካዮ፡ ክልተ መዘኻኸሪ ተላኢኹልካ ውን ምስ ዘይትመልሶ፥ ናይቲ ዋግኡ መኽፈሊ ፋቱራ ክልኣኽልካ እዩ።

እቲ ንዓኻ ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾንካ ዚልኣኽልካ ዕዳ፥ መታን ክኽፍልዎ ናብ ወለድኻ ክስደድ እዩ።

ንናይ ቆልዑን መንእሰያትን መጻሕፍቲ፥ ናይ ምድንጓይ ክፍሊት የብሉን።

ነቲ ብBoken kommer-lån ናይ talböker ወይ ብዓዳሊ ቡስጣ ዚግበር ልቓሕ ከምኡ ውን ብBokbussen ዝተገብረ ልቓሓት ናይ ምድንጓይ ክፍሊት የብሉን።

## ደንጕኻ ምምላስ
እቲ ናይ ምድንጓይ ክፍሊት፡ ንነፍሲ-ወከፍ መጽሓፍ፥ 3 ክሮኖር ንመዓልቲ እዩ። ነቲ ዝተለቃሕካዮ መጽሓፍ፥ ጽባሕ ናይታ ዝወደቐትላ ዕለት ምስ ትመልሳ ግን፥፡ እቲ ናይ ምድንጓይ ክፍሊት ትመሓር።

እቲ ዝለዓለ ንሓደ መጽሓፍ ክትከፍሎ ትኽእል ገንዘብ 200 ክሮኖር እዩ።

## ካሕሳ ምኽፋል
ዝጠፍአ ወት ዝተባላሸወ ንብረት ብመሰርት መገምገ ዋጋ ካሕሳ ትኽፍል። ኣብ ርእሲኡ 50 ክርኖር ንነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ፥ ምሕዳራዊ ክፍሊት ትኽፍል።

እቲ መኽፈሊ ሕሳብ ምስ ተላእከልካ ነቲ መጽሓፍ ምስ ትመልሶ፥ እቲ 50 ክርኖር ናይ ምምሕዳራዊ ክፍሊታት፥ ንነፍሲ ወከፍ ዝተላእከ ሕሳብ ይስረዘልካ። ናይ ዝጠፍአን ዝተበላሸወን መጻሕፍቲ ናይ ምድንጓይ ክፍሊት ውን ይስረዝ እዩ።

ዓብይቲ ነቲ ዘጥፍእዎ ናይ መለቅሒ መንነት 20 ክሮኖር የኽፍሎም። ነቲ ዝጠፍአ ናይ ቆልዑ መለቅሒ መንነት 10 ክሮኖር የኽፍሎም።

## ናይ ርሑቕ ቦታ ልቓሕ
ካብ ርሑቕ ናይ ሽወደንን ካልኦት ኣብ ሰሜን ዚርከባ ሃገራትን፥ ገንዘብ ኣየኽፍልን እዩ። ካብዚ ናይ "ኖርደን" ወጻኢ ዚርከባ ሃገራት ንምልቃሕ፥ ንነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ፡ 200 ክሮኖር የኽፍል እዩ።

## ናትካ ግላዊ ሓበሬታ
ናትካ ግላዊ ሓበሬታን፡ ሓበሬታ ናይቶም ተለቂሕካዮም ዘሎኻ መጻሕፍቲን፡ ናይቶም ሓዚእካዮም ዘሎኻ መጻሕፍቲን፥ ኣብቲ ናይ ሓባር ዝኾነ ናይ ምሉእ ዞባ ኡመዮ መዝገብ-ኮምፕዩተር ይምዝገብ እዩ። እቲ ብዛዕባ ልቓሕን ምሕዛእን መጻሕቲ ዘሎ ሓበሬታታት፥ ኣብቲ ናይ ክፍቱነትን- ምስጢራውነትን ሕጊ ምሕደራ ዝተኻተተ እዩ። እዚ ማለት ድማ፡ ሰራሕተኛታት ኣብያተ-ንባብ፡ ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣሎዎም ማለት'ዩ።

እቲ ግላዊ ሓበሬታታት ብመሰረት ምክልኻል ኮፐዩተራዊ ሕጋጋት ዝእለ እዩ።

ኣብያተ-ንባብ ነቲ ናይ ሰባት ኣስማትን ኣድራሻን፥ ካብቲ Spar, Statens personadressregister "ናይ ሰባት ኣድራሻ መዝገብ" የምጽኦ።